መእተዊ

ብሄራዊ ክልላዊ መንግስቲ ትግራይ ኣብ ከተማታት ንዘሎ ናይ መንበሪ ኣባይቲ ሽግር ንምፍታሕ ብሰብ ሃፍቲ፣ዓቕሚ ብዘለዎም ካልኦት ኣካላትን ውልቀ ሰባትን ብማሕበር ኮነ ብተናፀል ንመንበሪ ዝኸውን ገዛ ንኽሃንፁ ምቹው ኩነታት ብምፍጣርን ባዕሉ ብምስታፍ ናይ ልምዓት ኣባይቲ ስትራቴጂ ሓንጺፁን ፕሮግራም ኣውፂኡን ፍትሓዊ፣ግልፂ፣ስሉጥን ቀሊልን ብዝኾነ ከምእውን ያታዊ ዝንቕ ተጠቀምቲ ብዘረጋግፅን ዓቕሚ እቶት ኣብ ግምት ዘእተወ መጠን ክፍሊትን ኩነታት ኣከፋፍላን ዝተሃነፁ ኣባይቲ ንተጠቀምቲ ንምትሕልላፍ ወይ ሰብ ዋና ገዛ ንምግባር ዓሊሙ ኣብ ምንቅስቓስ ይርከብ ።

ስለዚ ዝኾነ ኢትዮጲያዊ ደላይ ገዛ ካብ ኢትዮጲያ ወፃኢ ዝነብር ይኹን ኣብ ዝተፈላለዩ ክልላት ኢትዮጲያ ዝነብር ናይዚ ዕድል ተጠቃሚ ንምግባር ስለዝተሓሰበ ካብዚ ንታሕቲ ዝተዘርዘሩ ነጥብታት ዘካተተ ናይ ውክልና ፎርማሊቲ ብምምላእ ውክልና ናይ ምፅዳቕ ስልጣን ብዘለዎ ኣካል ዝተፈረመን ማህተም ዝዓረፎን ሕጋዊ ናይ ውክልና ደብዳቤ ብምልኣኽ ተጠቀምቲ ክትኾኑ ይዕድም።

- ❖ ናይ ወካሊ ሽም ምስ ኣቦ ሓጎ________________________________
  - ዜግነት____________________________
  - ኣድራሻ_________________________________
- ❖ ናይ ተወካሊ ሙሉእ ሽም ምስ ኣቦ ሓጎ________________________
  - ኣድራሻ_________________________________

1. ከክንዳይ ኮይኑ ናይ ደለይቲ ገዛ ቅጥዒ መመልከቲ ክመልእለይ
2. ናይቲ ገዛ መሸጢ ዋጋ ቅድመ ክፍሊት ይኹን ጠቕላላ ክፍሊት ወይ ካልኦት ምስቲ ገዛ ዝተተሓሓዙ ክፍሊታት ንክኸፍለለይ
3. ቅድመ ክፍሊት ምስተኸፈለ ንዝተረፈ ክፍሊት ኣመልካቲ ምስ ኢትዮጲያ ንግድ ባንክ ___________ ቅርንጫፍ ናይ ልቓሕን መትሓጃን ውዕላት ክወዓዐለለይ ብዝኣተኽዎ ውዕሊ በብእዋኑ ክኸፍሎ ዝግበኣኒ ክፍሊታት ተኸታቲሉ ክኸፍለለይን ብተወሳኺውን ብሽመይ ናይ ባንኪ ሒሳብ (ቡክ) ከፊቱ ገንዘብ ኣታውን ወፃእን ክገብረለይ
4. ናይቲ ገዛ ናይ ማይን መብራህትን ቆፃሪ ብሽመይ ከዛውረለይን ኣድላይ ክፍሊት ክፍፅመለይን
5. ከክንዳይ ኮይኑ ምስ ኤጀንሲ ልምዓት ኣባይቲ ውዕሊ ክኣስረለይን ናይቲ ገዛ መፍትሕ ክርከበለይን
6. ነቲ ገዛ ከክንዳይ ኮይኑ ክካርይ፣ክሸጥ፣ክልውጥን ንካሊእ ኣካል ከመሓላልፍን(እንተተደልዩ)
7. ኣብ ቤት ማዘጋጃ ምስ ካርታ ዝተተሓሓዙ ስራሕቲ ከፈፅመለይ ክፍሊት ክኸፍለለይን ክርከበለይን ከምእውን ግብሪ ክኸፍለለይን
8. ብናይ ሓባር መንበሪ ህንፃ ኣዋጅ ሕግን ደንብን መሰረት ኣባል ማሕበር ወነንቲ ናይ ሓባር ህንፃ ኮይኑ ክሳተፍን ኣድላይ ክፍሊት ክፍፅመለይን ሎሚ ዕለት _____________ዝወከልክዋ/ዎ ምኳነይ ብፊርማይ የረጋግፅ።

ናይ ወካሊ ሽምን ፊርማን

ውክልና ዘፅደቐ በዓል ስልጣን

ሽምን ፊርማን

ክቢ ማህተም

<u>ንዝበለፀ ሓበሬታ</u>

ኤጀንሲ ልምዓት ኣባይቲ ከተማ መቐለ

ስልኪ 251-344-409002
ፋክስ 251-344-409003
ኢሜይል gemb8@yahoo.com